# ንዓናዶ እዙይ ምተገበአና?

ፍትሒ እንተዝህሉ ኣብ ዓለምና፤
ቁናዓት`ውን እንተዝኾኑ ጎረባብትና፤
ንዓናዶታ እዙይ ምተገበአና!?
ክንዲ እተጸቐጥና እተገፋዕና፤
ኣብ መገዛ ገዛና መረበትና፤
ነዙይ ንምጥፋእ ኣሻሓት ገቢርና፤
ብፅንዓት ብሓቦ ተቓሊስና፤
ሰላም ወ ማዕርነት ዘንገስና፤
ከክንዲ ቅኑዕ መንገዲ ዘርኣና፤

እሞኻኣ እዝኹሉ ከይቆጸርና፤
ዝሓለፈ ቂም ገዲፍና፤
ቀተልትና ከይቀተልና፤
ይቕረ ክንዲዝበልና፤
በደላትና ክንዲ ዝረሳዕና፤
ከክንዲ ናእዳ ምስግና፤
ከክንዲ ኣኽብሮት ልዕልና፤
ከመይ ገይሮም ንዓና፤
እዙይ ይፈድዩና፤
ብዘይ ግቡእ የናሸውና?

መቸም ዝበልኩም እንተበልኩምና፤
ብዙሕ`ውን እንተናሸኹም እንተገፋዕኹምና፤
ከምኡውን እንተሓሰድኩም እንተጸላእኹምና፤
እምብዛ'ኳ ደኣ ንሕርን ንተርር ከምቀደምና፤
ፍጹም ዘይንድቅስ ናይልብና ከይገበርና፡፡

እወ! ጸላእኹምና ፈተኹምና፤
ወይከ ንቕንቕ ካብታ ዓላማና፤
ምንም`ኳ ዘይንልውጥ ምንነትና!
መስመርና ይኹን ቃልና፤
ናይ ቀደም ናይ ሎሚ ንሓዋሩና፤
ጅግንነት ሓቂ ምስ ቅንዕና፤
ንሳተን እንዶ መለለይና፤
እተን ንኾርዐለን ካብ ቀደምና፤
ካብ ምንጋጋኹም ነጻ ዘውጻኣና፡፡

ግና ክንነግረኩም!!

እቲ ዝሓይሽ ንኹልና፤
ንዓኹም ይኹን ንዓና፤
ተንከባበር ደኣ ምሕሽና፤

ሕሊና እንተሊዩኩም ልቦና!
እታ ናይና ናይ ባዕልና፤
እታ ትግበአና ክብርና፤
ኣይፋልኩም ደኣ ኣይትንፈጉና፡፡

ሕዚ`ውን ልቢልኩም ስምዑና!!

እታ ተዋጺአና ንኹላትና፤
ክንኽብረኩም ኣኽብሩና፤
ቂም ፅልኢ ንዕቐት ገዲፍና፤
ብቕንዕና ብማዕርነት ኩልና፤
ዓልዩት ከይፈለና ተደጋጊፍና፤
ነጥፍእ ድኽነት ሕማም ድንቁርና፤
እዙይ እያ ትደሊ ክብርቲ ዓድና፤
እታ ናይ ብዙሓት ናይ ኩላህና፤
ብዚይ ኣፋላላይ ማዕረ ትብጸሐና፤
መኸርዒትና ኩርዕቲ ኢትዮጵያና!!!

መሓሪ ሓ. mehebeni@yahoo.com